IF METALL



# 7 ኣባል ኢፍ ሜታል ንኽትከውን ዝገብሩ ብቑዓት ምኽንያታት



# እሂናይ ደአ ኣባል ክትከውን ኣሎካ እምበር!

ስለምንታይ ኣባል ማሕበር ሰራሕተኛታት ክኸውን ኣሎኒ ኢልካ ትሓስብ'ዶ? ኣማኢት ከፊልካ ረብሓ ኣሎዎ ድዩ? መልሱ እወ እዩ - ብመንገዲ ኮሉ እቲ ብሓባራዊ ውዕልን ኣባልነት ትረኽቦ ኣዚዩ ብዙሕ እዩ ዝምለሰካ። ብዙሓት ምስ እንሓብር፡ ነቲ መብዛሕትኡ ግዜ ከም ውሁብ እንወስዶን ብኻልእ ኣገባብ ክንከስሮ እንኽእልን መሰላትን ጥቕምታትን ተደራዲርና ክንረኽቦ ንኽእል ኢና። ኣባል ኢፍ ሜታል ክትከውን ዝገብሩ ብዙሓት ምኽንያታት ኣሎዉ። ሓደ ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ዝኾኑ እንሆ፡-




## ኣ-ካሳን መድሕን ኣታውን (ደሞዝ)

ካብ ስራሕ እንተ ወጺእካ ካብ ናትና ኣ-ካሳ ክፍሊት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ ኣብቲ ኣባልነት መመላእታ መድሕን ኣታዊ እቱው እዩ።  ብዛዕባ እዚ ብዝያዳ ዳሕራይ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።




# ርትዓዊ ኩነትን ጽቡቕ ደሞዝን

ሳላ ሓባራዊ ውዕላትና፡ ካልእ ገዲፍካ፡ ጽቡቕን ፍትሓውን ደሞዝ፡ ስሩዕ ወሰኽ ደሞዝ፡ ርትዓዊ ሰዓታት ስራሕ፡ ክፍሊት ትርፊ ሰዓታት፡ ተወሳኺ ክፍሊት ዘይምሹው ሰዓታት ስራሕን ምጉዳል ሰዓታት ስራሕን ትረክብ ኢኻ። ስራሕ ደው ምስ ኣበልካ ነቲ ተወሳኺ ውዕል ጡሮታ ከተስተማቕሮ ክትክእል ኢኻ።




# ውሑስ ናይ ስራሕ ሃዋህው

ሓደጋታትን ሕማማትን ንምክልኻል ጽቡቕ ናይ ስራሕ ሃዋህው ኣገዳሲ እዩ። ወሃብ ስራሕ ንሕጊ ኣካባቢ ስራሕ ከም ዝኽተል ዘሎን፡ ንድሕነትካን ጽቡቕ ምህላውካን ዝሰርሑ ወከልቲ ድሕንነት ከም ዘለዉን ነረጋግጽ።

# ኣብ ዘድልየሉ እዋን ሓገዝን ደገፍን




ስራሕ ከም ትወጽእ መሰማዕታ ኣብ ትወሃበሉ፡ ኣብ ዳግመ-ሕውየት፡ ኣብ ዝርርብ ደሞዝን ካልእን ምኽሪን ደገፍን ንህበካ። ምስ ዘድሊ ሕጋዊ ሓገዝ እውን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ’ውን ምእንቲ ኣብ መጻኢ ግዜ ተጠላቢ ዝኾነ ክእለት ክህልወኩም፡ ኣብ ሞያኹም ንኽትምዕብሉ ንሰርሕ ኢና።




# ኣብ ስራሕን ኣብ ናጻ ግዜ መድሕን እቱው

ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዘ መጕዳእቲ ይኹን ኣብ ናጻ ግዜኻ ሓደጋ ምስ ዘጋጥም፡ ከምኡ’ውን ኣብ ትሓመሉ እዋን ብመንገዲ ሓባራዊ ውዕላትናን ናይ ኣባላት መድሕናትን ካሕሳ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ’ውን ናይ ወለዲ ዕረፍቲ ወሲድካ ኣብ ዘለኻሉ እዋን ተወሳኺ ክፍሊት ክወሃበካ ይኽእል እዩ።




# ጽልዋ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ

ኣብ ብዙሕ ኣገደስቲ ጉዳያት፡ ወሃብ ስራሕ ቅድሚ ውሳነ ምውሳኑ ምሳና ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ዘሎና ወከልቲ ኢፍ ሜታል ክዘራረብ ኣለዎ። እዚ ንኣብነት ብዛዕባ ኣብ ሰዓታት ስራሕን ዕማማትን ዝግበር ለውጥታት፡ ወይ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ደሞዝ ብኸመይ ክውስኹን ክመቓራሕን ከም ዘለዎ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከም ኣባል መጠን ነዚ ኣብ ምጽላው ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ።




# ብሓባር ሓያላት ኢና

በይንኻ ኴንካ ብዛዕባ መሰላትካ ክትሓትት ኣጸጋሚ እዩ። በይንኻ ግን ኣይኮንካን ዘለኻ። 300 000 ኣባላት ኣለና። ብሓባር ኴንና ናይ ኩሎም ሰራሕተኛታት ኢንዱስትሪ ኮነታት ከነመሓይሽን ኣብ ሕብረተ ሰብ ፍትሒ ከነዛይድን ንኽእል ኢና።


# መድሕን ኣታዊ ብኸመይ ይሰርሕ?

ዝኾነ ሰብ ስራሕ ክወጽእ ይኽእል እዩ። ናትና መድሕን ኣታዊ ነቲ ናይ ኣ-ካሳ ክፍሊት መመላእታ እዩ፡ እዚ ድማ ሓድሽ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ እዋን ዝያዳ ቍጠባዊ ውሕስነት ይህበካ። ስራሕ ኣልቦ ምስ እትኸውን፡ ብድምር ካብቲ ንኽፍሊት መሰረታዊ ዝኾነ ኣታዊኻ* ( ersättningsgrundande inkomst) ክሳብ 80 ሚእታዊት ን100 መዓልታት ዝኣክል ክኽፈለካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ifmetall.se/inkomstforsakring ወይ folksam.se/ifmetall ኣቲኻ ብዝያዳ ኣንብብ

**ኣብነት 1**

ደሞዝ ቅድሚ ግብሪ ምኽፋል 38 000 ክሮነር/ወርሒ



# እቲ ክፍሊት ክንደይ ይበጽሕ?


ካብቲ ዝለዓለ ካብ ኣ-ካሳ ዝኽፈል ንላዕሊ ተእቱ እንተ ኼንካ፡ ብሓገዝ መድሕን ኣታዊ ክሳብ 80 ሚእታዊት ናይ ንኽፍሊት መሰረታዊ ዝኾነ ኣታዊኻ* ካብ 33 000 ክሳብ 50 000 ክሮነር ካብ 1ይቲ መዓልቲ ክሳብ መበል 100 መዓልቲ ክትክፈል ትኽእል ኢኻ።

ካብቲ ዝለዓለ ካብ ኣ-ካሳ ዝኽፈል ንታሕቲ ተእቱ እንተ ኼንካ፡ ብሓገዝ መድሕን ኣታዊ ክሳብ 80 ሚእታዊት ናይ ንኽፍሊት መሰረታዊ ዝኾነ ኣታዊኻ ካብ 27 500 ክሳብ 33 000 ክሮነር ካብ መበል 101 መዓልቲ ክሳብ መበል 200 መዓልቲ (ካብ'ቲ ናይ ኣ-ካሳ ክፍሊት ዝጎድለሉ ዕለት) ክትክፈል ትኽእል ኢኻ።

ከምኡ'ውን ተወሳኺ 100 መዓልታት ናይ ትኽፈለሉን ናይ ልዕሊ 50 000 ክሮነር ኣታዊን ተወሳኺ መድሕን ናይ ምእታው ተኽእሎ ኣሎ።

**ኣብነት 2**

ደሞዝ ቅድሚ ግብሪ ምኽፋል 31 000 ክሮነር/ወርሒ




* እቲ ኣ-ካሳ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተው ክልተ ወርሒ ዘእተኻዮ ኣታዊ መሰረት ዝሓስቦ ክፍሊት


# ሽወደናዊ ሞደል

ካብ መወዳእታ 1900 ክፍለ ዘመን ኣትሒዘን ማሕበራት ሰራሕተኛታት ሽወደን ሰራሕተኛታት ጽቡቕ ደሞዝን ርትዓዊ ኩነታት ስራሕን ንኽህልዎም ተቓሊሰን እየን ብዙሓት ኣባላት ዝሓቑፈ ጽቡቕ ውዳበ ሳላ ዘለዎና፡ ምስ ካልኦት ሃገራት ክወዳደር ከሎ ናይ ሽወደን ማሕበር ሰራሕተኛታት ዓቢ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። እዚ ሓያላት ይገብረና፡ ክሳብ ፖለቲከኛታት ኣብ ናይ ስራሕ ኩነታትና ጣልቃ ምእታው ዘይድልዮም ዝኣክል ኣዚዩ ሓያላት።

ብዛዕባ መብዛሕትኡ - ካብ ሰዓታት ስራሕን ደሞዝን ክሳብ ጡሮታን መድሕናትን ባዕልና ኢና ምስ ወሃብቲ ስራሕ ንደራደር። እዚ እዩ እቲ ሓባራዊ ውዕል ዝብሃል።

ኣብ ክንድኡ ፖለቲከኛታት ኣብ ስርዓተ ድሕንነትናን ኣብ ዘድልየና ትምህርትን ማለት ኣብቲ ዝተኣማመኑን ብቑዓትን ሰራሕተኛታት ዝህብ መሰረት ከድህቡ ይኽእሉ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ “ሽወደናዊ ሞደል” ተባሂሉ ይጽዋዕ።

እዚ ሞዴል ኣባላት ማሕበር ሰራሕተኛታት ዝኾንና ብዙሓት ክንከውን ይሓትት። ብድሕሪ ጠለባትና ዘሎና ብግቡእ ዝተወደብናን ብዙሓትን ምስ እንኸውን፡ ኣብ ቀጻሊ እውን ሓይሊ ድምጺ ዘሎናን፡ ርትዓዊ ኩነታትን ጽቡቕ ደሞዝን ዘሎዎ ሓያል ሓባራዊ ውዕል ክንገብር ንኽእል ኢና።



## ክንደይ እዩ ዝኸፈሎ?

እቲ ናይ ኣባልነት ክፍሊት ኣብ ኣታዊኻ ዝተመርኰሰ እዩ። ክፍሊት ኣባልነት ኣብ ኢፍ ሜታል ብማእከላይ ገምጋም 1,5 ሚእታዊት ናይ ኣታዊ ኾይኑ፡ ኣብ ወርሒ 29 000 ክሮነር ተእቱ እንተ ኄንካ 435 ክሮነር ይኸውን ማለት እዩ። ካብ ክፍሊት ኣባልነት፡ ስራሕ ምስ እትወጽእ ኣ-ካሳን መድሕን ኣታውን፡ ከምኡ'ውን ብተወሳኺ ኾሎም ኣብዚ ብሪሹር ሰፊሮም ዘሎዉ ካልኦት ኣገደስቲ ነገራትን ትረክብ።


## ከምዚ ዝስዕብ ገርካ ኣባል ኢፍ ሜታል ትኸውን




ኣባል ኢፍ ሜታል ምዃን ቀሊል እዩ።

ባንክ-ኢደ እንተ ኣሎካ ኾይኑ፡ ባዕልኻ ኣብ **ifmetall.se** ኣቲኻ ንኣባልነት ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።

ንምምልካት ሓገዝ ምስ ዘድልየካ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታኻ ምስ ዘሎ ወኪል ማሕበር ሰራሕተኛታት ተዛረብ ወይ ምስ ጨንፈር ኢፍ ሜታል ናይ ከባቢኻ ርክብ ግበር።



IF METALL

/ 2023-09 / SIB / 30,000